# ዕርቃን ድርብ ዕያር




ብ7 ጥቅምቲ ዝተወልዐ ኲናት ቓዛ፡ ካብ ክልቲኡ ወገን ልዕሊ 4,000 ሰባት ቀዚፉ፡ ልዕሊ 10,000 ኣቚሲሉ፡ ገዚፍ ዕንወት ኣውሪዱ፡ ኣማኢት ኣሽሓት ኣመዛቢሉ ኣሎ። ሰላማዊ መዕለቢ እንተዘይተገይሩሉ ድማ፡ ዝኸፍአ መቕዘፍትን ዕንወትን ከውርድ፡ ኣብ ኣዝዩ ተኣፋፊ ክፋል ዓለምና ሰፊሕ ዞባዊ ግጭትን ህውከትን ከባርዕ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ።

ነዊሕ ድሕረ-ባይታ ናይዚ ግጭት'ዚ ንጎድኒ ገዲፍና፡ ኣብዚ ኲናት'ዚ፡ ህዝቢ ዓለም ዝዕዘቦ ዘሎ ድርብ ዕያር፡ ነቲ ኣብ ጽውጽዋያት ሃንስ ክርስትያን ኣንደርሰን እነንብቦ፡ 'ምዕሩግ ልብሲ ተኸዲኑ — መሩቑለይ' ክብል ኣብ ቅድሚ እኩብ ህዝቢ ጥራሕ ነብሱ ዝኸደ ሃጸይ ዘዘኻኽር እዩ።

ተሓለቕቲ ኣድማሳዊን ኣህጉራዊን ሕግታት፡ ጠበቓታት ስልጡን ዓለማዊ መትከላት፡ ሃዋርያ ደሞክራሲን ሰብኣዊ ሓርነትን ኢና' ዝብሉ ተመጻደቕቲ፡ ኣብ ብዙሕ ግጭታት ብሰብኣውነት እምብዛ ተጨነቕቲ መሲሎም ክዋስኡ ምርኣይ፡ ህዝቢ ዓለም ዝረብረበሉ እዩ። ግደ ሓቂ ግን፡ ስለ ኣህጉራዊ ሕጊን ሰብኣውነትን ቅንጣብ ተጨኒቖም ኣይፈልጡን። እቲ ምኡዝ ስብከት ዝካየደሉ፡ ካብ ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ጀሚርካ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣድማሳዊ ሕጋጋትን ውዕላትን ዝሰፈረ በብዓይነቱ ኣስማት ዝተዋህቦ መሰላትን ሓርነታትን፡ 'ዘይምእዙዛት' ንምጽቃጥን ንምፍርራሕን እምበር፡ ንኣታቶም ወይ 'ወገንና' ንዝብልዎ ዝምልከት ኣይኮነን። ኣብኦም በጺሑ፡ ብስሩ ክርጥረጥ ወይ ድማ ከም ዝጥዕመካ ገይርካ ክስርሓሉ ዝኽእል'ዩ። ሰብ ድርብ ዕያር፡ ዝኾነ ክስተት፡ ቅኑዕነቱን ፍትሓውነቱን ብዘየገድስ፡ ዝባኖም ቀሊዖም ጸግዒ ክሕዙ ስክፍታ የብሎምን።

• ከምዝፍለጥ ባይቶ ጸጥታ፡ ኣብ ብዙሕ ዓበይቲን ንኣሽቱን ግጭታት ብህጹጽ ክእከብ እናተጸውዐ ውሳነታት የሕልፍ እዩ — ንኣብነት ኣብ ግጭት ሊብያ። ኣብ ኲናት ሩስያን ኡክረይንን፡ ሃገራት ተኣኪበን ንሩስያ ኪኹንና ዝተቐሰባሉ ናይ ቀረባ ፍጻመ ኣሎ። ካልእሲ ይትረፍ ኣብ እዋን ግጭት ሰሜን ኢትዮጵያ፡ ባይቶ ጸጥታ ልዕሊ 10 ግዜ ተኣኪቡ ምንባሩ ኣይርሳዕን። ኣብ ጉዳይ ቓዛ ግን፡ ክሳብ ክንድኡ ሻቕሎትን ተርባጽን ኣይተራእየን። ትማሊ ኣብ ዝተጋበአ ኣኼባ ባይቶ ጸጥታ ድማ፡ ብሩስያ ዝቐረበ “ንስለ ሰብኣዊ ምኽንያታት ተኹሲ ደው-ምባል” ዝጠልብ ንቡር እማመ (Humanitarian ceasefire) ብብዝሒ ድምጺ ሃገራት ምዕራብ ተነጺጉ።

• ሓደ ሃገር መጥቃዕቲ ምስ ዝገጥሞ፡ ብዓንቀጽ 51 ቻርተር ሕ.ሃ. መሰረት ናይ ርእሰ ምክልኻል መሰል ኣለዎ። ድሕረ-ባይታ ናይቲ ኩነታት ብዘየገድስ፡ እስራኤል ከም ግብረ-መልሲ ናይቲ ብምንቅስቓስ ሓማስ ዝወረዳ መጥቃዕቲ፡ ሰብኣዊ ሕግታት ኲናት ብዘይጥሕስ መገዲ ተመጣጣኒ ግብረ መልሲ ክትህበሉ ይከኣል ይኸውን። ሃገራት ምዕራብን ኮሚሽን ሕብረት ኤውሮጳን ግን፡ ነቲ ኲናት ብዘይዕቃበ ክደፍእሉ እዮም ተራእዮም።

• ብጸቕጢ ህዝቢ እኳ እንተተኸለሰ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብቲ መጀመርታ መዓልታት ንፍልስጤም ዝህቦ ዝነበረ ገንዘባዊ ሓገዝ ክቋረጽ ወሲኑ ነይሩ።

• ፈረንሳን እንግሊዝን፡ ብመምርሒ ሚኒስተራት ውሽጣዊ ጉዳያት፡ ንፍልስጤም ዝድግፍ ሰላማዊ ሰልፍታትን ምንብልባል ባንዴራ ፍልስጤምን ከም ገበን ብምቑጻር ክኽልከላኦ ፈቲነን።

• ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ (እቲ ኣውራ ማዕከናት ዜና ብተዘዋዋሪ ስለዝቆጻጸርኦ) ንተግባራት እስራኤል ዝምልከት ‘ዝንቡዕን ዘይሕጋዊን’ ዝብላኦ ሓበሬታ ክእገድ ወሲነን።

• ኮምሽን ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኣብ ኲናት ኡክረይን፡ ንሲቪላዊ ትሕተ-ቅርጽን፡ ቀረብ ኤለክትሪስቲን ዝትንክፍ ተግባራት ሩስያ፡ ‘ገበን ኲናት’ዩ’ ከምዘይበሎ፡ ምኽርዳን ቓዛ ሕጋዊ መሰል ግብረ-መልሲ’ዩ ክብል ሞጒቱ።

ማዕከናት ዜና ምዕራብ፡ ኣብ ግጭት ቓዛ ብዛዕባ ምቁራጽ ተኹሲን ሰላማዊ ፍታሕን ብጩቕ ክብላ ኣይተሰምዓን። ሓቅነት፡ ውድዓውነት፡ ሚዛናውነት እናተባህለ ዝስበኸሉ ዜናዊ ስነ-ምግባር ኣሰሩ የለን። ብቅሉዕ ጸግዒን ሻርነትን፡ ዓበይቲ ዝበሃላ ማዕከናት ዜና ክብረን ሓሲሩን ፈኹሱን፡

መጋበርያነትን ህዝቢ ዓለም ብኣርምሞ ይዕዘቦ ኣሎ። እቲ ድርብ ዕያር ዓይኑ ዘፍጠጠ'ዩ። እቲ ጽቡ'ቕ ነገር ግዳ፡ ሎሚ ህዝቢ ዓለም ነቲ ብምስሉይ ስብከት ቀልቢ የዋሃት ክስሕብን ከጋግን ዝጸንሐ ኣምሰሉነት ነቒሑሉስ፡ ድርብ ዝዕያሩ ፖለቲካ፡ ከምቲ ሃጸይ ብዘይ ጉልባብ ጥራሕ ዕርቃኑ ወጺኡ፡ ህዝቢ ዓለም ኣብ ዝ'ኽዕቦ ደረጃ ምብጽሑ እዩ።

## ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ

**18,10.2023**